# ሓዱሽ ናይ ሚኒስትራት ካቢኔን ትግራይን

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ

ጥቅምቲ 2009 ዓ/ም



## ሀ – ሹመት፣ ትግራይን ተፃባእታን

ኣብዚ ሰሙን ሓዱሽ ናይ ሚኒስትራት ካቢኔ ተሰይሙ። እቲ ዝበዝሐ ናይ ትምህርቲ ዓቕሚን ብሄራዊ ተዋፅኦን ኣብ ግምት ዘእተወ ይመስል። ብርግጽ ሊቃውንቲ ትግራይ ኣብ ዓይኒ መረፃ ዝኣተዉ ኣይመስልን። ደሓን እዚ ዝፍለጡ ውሽጣዊን ግዳማዊን ምኽንያታት ኣለዎ። ይኹን እምበር ሀዚ'ውን ብስልጣን ዓብላልነት ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝንዛሕ ናይ ጸለመ ወፍሪ ጠጠው ክብል እዩ ዝብል እምነት የብለይን። ንሶም (ንብኣዴን ወኒኑ ዘሎ ጉጅለን ኩሎም ሓይሊታት ትምክሕቲን) እንተኾኑ ኣብ ማእኸላይ መንግስቲን ማእኸል ሃገርን ባዶ ሰብ እስካብ ዝተርፈና ትግራዋይ ዓብሊሉና፣ ትግራዋይ በይኑ ሃፍቲሙ፣ ትግራዋይ ጸቢቡ ወዘተ እናበሉ ንህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንምሹቕራርን ንምንፃልን ብዘይ ኣፈላላይ ክቃለሱዎ እዮም።

ኣብ ካልኦት ብሄራት ዘለዎም ንዕቐት ታሪኻዊን ሱር ዝሰደደን ስለዝኾነ ብናቶም እምነት ትግራዋይ ካብ ማእኸላይ መንግስቲ ምእላይ ማለት እዛ ሃገር ናብ ድሌቶም ክዝውሩዋ ዝኽእልሉ ባይታ ዝፍጠር እዩ ዝመስሎም። ግን ከንቱ ኣተሓሳስባ እዩ። በዝሒ ህዝቢ ክልልካ ናይ ስልጣን መደያይብ ገይርካ ንኻልኦት ክትዕብልልን ክትረግጽን ምሕሳብ እቲ ፌደራላዊን ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ተየፍረስካ ዝከኣል ኣይኮነን። ንሱ ድማ ዘይፍፀም እዩ። እንተኾነ ግና ኣብ ወረቐት ዝተጽሓፈ ሕገ መንግስቲ ጥራይ ኣሚንካ ድማ ኣይድቀስን። ኣብዚ ከም ስትራቴጂ ክተሓዝ ዘለዎ ንቶም ብኣጋር ውድባት ዝምርሑ ዘለዉ ክልላት እንተተኻኢሉ ናብ ኢህወዴግ ብምፅንባር፣ ተዘይኮይኑ ድማ ዘለዎም ሓይሊ ሰብ ናይ ምብቃዕ ስራሕ ምስራሕን ናብ ናይ ፈደራል ስልጣን ምምፃእን ንቲ ሓይሊ ትምክሕቲ ከምዘይልዓል ንምውቃዕ ወይ ድማ ንምምካን ሓደ መሳርሒ ገይርካ ምውሳድ ዝግባእ ኮይኑ ህወሓት ድማ ምስ ሓይሊ ትምክሕቲ ናተሞዳሞደት ካብ ምንባር እዙይን ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ናብ መሬት ወሪዱ ክሰርሕ ኣብ ምግባር እንተትነጥፍ ንዛ ሃገርን ህዝብን ንባዕላን ዘላቒ መፍትሒ ምኾነ።

## ለ - ናይ ሚኒስትርነት ሹመት ዶ ወይስ ልምዓት?

ትግራዋይ ኣብ ማእኸላይ መንግስቲ ብሚኒስትርነት ብምሻም ሃገራዊ ናይ ልምዓት መደባትን ናይ ወጻኢ ርክባትን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ናይ ባዕሎም እጃም ዝህልዎም እኳ እንተዀነ ከም ክልል ግን ዝርከብ ረብሓ የለን፣ ኣይህልውን'ውን። እስካብ ሀዚ ከም ዝረኣናዮ ኣይኮነን ብሚኒስትርነት ንመላእ ሃገር ከገልግሉ ተሸይሞምስ እታ ንህዝቢ ትግራይ ከገልግሉላ ቃለ መሓላ ፈጺሞም ናብ ቤት ምኽሪ (ፓርላማ) ዘእተወቶም ካርዲ እውን ብዝግባእ ኣይተጠቐሙላን። ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ደጊሞም ክምረጹ ዝምለሱዎ ተዘይኮይኑ ብቲ ሕገ መንግስቲ ዝእዝዞ በቢእዋኑ ናብቲ ዝመረጾም ህዝቢ ከይዶም ሽግሩ ከመያይጥዎን ክፈትሕሉን ኣይረኣናን። እታ ካርዲ ኣብ ቤት ምኽሪ ካብ ተቓውሞ ዝመጽእ ነቐፌታ ክከላኸሉላ እምበር ሽግር ህዝቦም ከቃልሑ ዝርኣናሉ ናይ ቤት ምኽሪ ዘተ የለን።

እሞ ህዝቢ ወኪሉ ናብ ቤት ምኽሪ ዝልእኾ ወንበር ንምሟቕ ስለዘይኮነ ኣብ ክልላዊን ኣብ ሃገራዊን ቤት ምኽሪ ረብሓ ህዝቢ ከፈጽሙ ተባሂሎም ዝተቐመጡ ተመረጽቲ ካፍቲ ሕሉፍ ብዝተፈለየ ኣገባብ ሕቶን ኣውያት ህዝቦምን ናብ ዝምልከቶ ከሕልፉን ከፈጽሙን ተስፋ ንገብር። ተዘይኮይኑ ከምቲ ናይ ህዝቢ እምባስነይቲ ዝገበሮ ውክልናና ኣልዒልና ከይብል ምስትውዓል የድሊ። ወዮ ዘልዕለሉ ድኣ የለን እምበር። *"ሎሚ ኣይንገብር ጽባሕ ኣይንገብር፣ ንሕና ኢና መራሕቲ፣ ንሕና ኢና ንውስን"* ዝብል ሕገ መንግስቲ ዝጥሕስን ንዕቐት ዝመልኦን መልሲ ተዋሂቡዎምስ ህዝቢ ብድሌቱ ውክልንኦም ዝመንጠሎም ሰባት ክውክሉዎ ተገይሩ ይኽእል ኣሎ። ኣዚዩ ዘፍርሕ ዝንባለ!

## ሐ - ክኸውን ዘለዎ

ከምቲ ብሃገር ደርጃ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ኣብ ክልል እውን ብዓቕሚን ብናይ ሕሉፍ ስራሕ ውጺትን ዝምዘን ሰብ ናብ ቤት ምኽሪ ክልልን ሃገርን ንኽምረጽ እንተዝግበር፣ ኣብ ክልል ዝሸወሙ'ውን መዐቀኒኦም ንሱ እንተዝኸውን እቲ ኢህወዴግ ይኹን ህወሓት ሒዞምዎ ዘለዉ ናይ ልምዓት መደባት ንምምሕያሽን ንምስላጥን ምሓገዘ። እዙይ ማለት ግን ዲግሪ ዝሓዘ ኹሉ ዓቕሚ ኣለዎ ማለትና ስለዘይኮነ ሕሉፍ ውጺኢታዊ ስርሑን መገልገላይንቱን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ውጺኢታዊ ስራሕ ክንብል ከለና ድማ ከምቲ እስካብ ሀዚ ብካድረታት ዓመት ዓመት ዝድርደር ናይ ሓሶት ጸብፃብ ዘይኮነስ ብነፃ ዝኾነ ሙያዊ ኣካል ብዝግምገም ጭቡጥ ውጺኢት ክኸውን ኣለዎ ማለትና እዩ። ብዚ ኣገባብ ዝተሾመ ሰብ ድማ እቲ ዝተቐመጠ ሃገራዊ ትልምን ሽቶን ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ዝመርሖ ቤት ፅሕፈት ዝሓዞም ትልሚታት ኣብ እዋኑ ብምግምጋም ክቕጽል ወይ ክወርድ እንተዝግበር ልምዓት ምሰለጠ።

ህወሓት ካብ ህዝቢ ትግራይ ወፃኢ ሂወት ዘይብሉ ውድብ ምዃኑ ተረዲኡን ውሽጣዊ ሕማሙ ብምፍታሕን ናይ ዝወከሎ ህዝቢ ረብሓ ከረጋግፅ ብዝተዓፃፈ ኣገባብ ክሰርሕ ተስፋ ንገብር። ሎሚ ሚንስትርነት ዘይኮነ ዘድሊየናስ ልምዓት ክልልና ኣቀላጢፉ ህዝብና ካብ ድኽነትን፣ ረድኤት እኽሊ፣ ልመናን ስደትን ሓራ ኣውጺኡ ወለዶ ዘድሕን ስራሕ ክስራሕ ጥራይ እዩ ዘድሊ። ካውኡ ዘይንእስ ድማ ንህዝቢ ዝሰምዕን ተሓታቲነት ዘለዎ ዴምክራሲያዊ ስርዓትን ዝፈጥር መንግስቲ የድሊየና ኣሎ። ካብ ድኽነት፣ ረድኤት፣ ልመናን ስደትን ናፃ ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ዝህልወና፣ ብንኢዱስትሪ፣ ሕርሻ፣ ብትምህርቲ፣ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ዝተሃነጸት ክልል እንትንውንን ንዕዳጋ እምበር ንጽልኢን ዘርኢ ምጥፋእን ዝመጽኣና ናይ ደገን ውሽጢን ጸላኢ ኣይህልወናን። ብሃገር ደረጃ እውን ከምኡ።

ብሓፈሸኡ ብኣዴን ትተሓደስ ኣይትተሓደስ፣ ሰብ ይቀነስ ይወሰኽ ብዘየገድስ ህወሓት ከም ገዛኢት ውድብ ክልልና ንርእሳ ተሓዲሳ ክትቀርብ ትጽቢት ይግበራ ኣሎ (ገሊኦም መሞቲኻ ደኣ ይሎምናታ እምበር ናይ መሪሕነት ለውጢስ የድሊ እዩ)። ምሕዳስ ማለት ግን ሰብ ምቕያር ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ብኣመራርሓ ክእለቶም ማርሽ ቐይሮም ናብ ዝቕጽል ብርኪ ዕቤትን ኣተሓሳስብና ዝወስዱና መራሕቲ ማለትና እዩ። ህወሓት እውን ንባዕላ ተደፊራ ህዝባ ዘይተድፍር ውድብ ክትከውን ምእንታን እቲ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ዝርድኡን ናይ ሓዊ ምጥፋእ ስራሕ ዘይኮነስ ስትራቴጂካዊ ኣተሓሳስባ ዝተዓጠቐ መሪሕነት ትውንን ውድብ ክትከውን እዋኑ ይሓትት ኣሎ። ከምቲ ዝረኣናዮ ትምክሕተኛታት ኣብ ብኣዴን መሺጉ ዘሎ ፅግዕተኛ ሓይሊ ከም መፈጸሚ ተጠቒሞም ህዝብና ከም ህዝቢ ከጥፍኡዎ (genocide) ፈቲኖም እዮም ። እሞ ድማ ተሓታቲ ኣካል ዘይብሉ! እዚ ከይድገም ብፖለቲካዊ መዳይ ተዘይተሰሪሑዎ ብወታደር ሓሊኻ ኣይኽውንን።

### መ - ኣብ መወዳእታ

ሎሚ'ውን መመሊስካ ምዝኽኻር ዘድሊዮ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ክልል ይኹን ሃገራዊ ቤት ምኽሪታት ተመሪጾም ዘገልግሉ ዘለዉ ዝተኸበሩ ተመረጽቲ ህዝቢ'ውን እቶም ዝስዕቡ ጉዳያት ቐንዲ ጠመተ ክገብሩሎም ይግባእ:-

1. ወግሐ ጸብሐ ገና ብዘይተጨበጠ ዓወት ካብ ምጉያል ኩነታት ትሕተ ልምዓት ክልልና ተረዲእኻ ንክልል ይኹን ንፌደራል መንግስቲ ዝገበኣና ምሕታት። ብኣዴን ኣብ ኩሉ መዳይ ንክልሎም ኣድላዩ ዘበለ ረብሓ ካብ ፌደራል መንግስቲ ንምውሳድ ይቀላጠፉ። ንኣብነት ካብ ሸረ ናብ ሑሙራ ዝዝርጋሕ መስመር ባብሩ ንዛ ሃገር ዝበለጸ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዝምጽእ እንዳሃለወ ናይ ባቡር ሃዲድ ካብ ባህር ዳር ናብ ፍኖተ ሰላም ንኽዝርጋሕ እንተእምኑ መመሓደርቲ ትግራይ ክሓቱን ቕድሚያ ክወሃቦ ዝግብኦ መስመር ከምዝኾነ ብመጽናዕቲ ከረድኡን ናተገብአ ኣይተገበረን። ሀዚውን ኣይመስየን። ብተመሳሳሊ ህዝቢ ኣምሓራ ኣብ ካልኦት ክልላት እንትፈናቐል እውን እስካብ ፓርላማ ብምውሳድ መዛረቢ ኣጀንዳ ገይሮምሉ ፍታሕ እውን ረኺቦምሉ እዮም። ህዝቢ ትግራይ ካብ ክልል ኣምሓራ እንጽነግ፣ እንት ዝረፍን እንትቕተልን ዘእወየሉ ውድብ፣ መንግስቲ ወይውን ተመራጺ የለን።
2. ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ዘሎ ናይ ማይ ሽግር ድሕሪ 26 ዓመታት ክህልው ዘይነበሮም ስለዝኾኑ ቑልጡፍ ምላሽ የድሊዮም። ባጀት የለን ዝብል መራሒ እንተሃሊዩ ዋጋ ናይተን ንሰበ ስልጣን ዝዕደጋ ዘለዋ V-8 መኻይንን ኣብ ካሊእ ዝግበር ዘሎ ብኽነትን ምስ ናይ ማይ ኣድላይነትን ቐዳምነትን የመዛዝን።
3. ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ዘሎ ስራሕ ስእነት ኣዚዩ ዘተሓሳስብን ሓደገኛን እዩ። ኩሉ ዝጸልሙቶ መንእሰይ ንኹሉ ዓይነት እከይ ተግባር ዝተቓልዐ ስለዝኾነ ብገንኡ ፍታሕ የድሊዮ ኣሎ።
4. ካብ ገጠር ናብ ከተማን ናብ ስደትን ዝግበር ዘሎ ዋሕዚ መንእሰይ ሃገር ዘፍርስን ዘጸንትን እዩ። በረኻ ከይዱ ንሱዳን ብውሕጅ ዝኸይድ ወርቂ ዝሓፍስ መንእሰይ ካብ ምእሳር ንርእሱ ስራሕ ስለዝፈጠረ ንኢድካ ሰሪሑ ግብሪ ዝኸፍለሉ ስርዓት ምምችቻው ናይ ለባም መንግስቲ ተግባር እዩ። ወዮ ናይ ወፃኢ በዓል ሃፍቲ ንኽመጽኡና'ኳ ኤምባሲ ከፊትና ናለመን ንውዕል ኣለና።
5. ኣብ ዶብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝብና ዘለዎ ኸቢድ ናይ ጸጥታ ሽግርን ናይ ልምዓት መማረጺ ዘይምህላውን ሪኢኻ ከምዘይረኣኻ፣ ናሰማዕኻ ከም ዘይሰማዕኻ ዝሕለፍ ጉዳይ ኣይኮነን። ትግራይ ናይ መላእ ሃገር ኲናትን ዘሰክፍ ናይ ፀጥታ ኩነታትን ተሳኪሚት ኮይና ትነብር ስለዘላ ፌደራል መንግስቲ ንዛ ኽልል ንበይና ኣሰኪሙዋ ዘሎ ዘቖንዙው ሃገራዊ ሓላፍነት ብዒሒቱ ክወስድ ዘይሕተተሉ ፖለቲካዊ ወይ'ውን ሕጋዊ ምኽንያት ኣይረኣየናን። እዚ ንዝሓለፉ 18

ዓመታት ኣብ ክልልና ዓሪፉ ዘሎ ኸቢድ ተፅዕኖ ፌደራል መንግስቲ ብኣግባቡ ክግምግሞን ንቲ ኣብ ዶብ ዝነብር ህዝቢና ግቡእ ተወሳኺ ናይ ልምዓት ሓገዝ ክገብረሉ ገዛኢ ውድብ ክልልናን ተመረፅቲ ሃገራዊ ቤት ምኽሪን ኣብ ኣደባባይ ክሓትቱሉ ይግባእ። ተዘይኮይኑ ዘይንስከፍ ዜጋታት ክንሓትት ክንግደድ ኢና።

6. ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ዘይምህላው ውዒሉ ሓዲሩ ሓደጋ ከምዘለዎ ተረዲእኻ ዘላቒ ፍታሕ ንምሃብ ምስራሕ።
7. ኣብ ብኽነት ንብረትን ገንዘብን ህዝቢ ሱር ዝሰደደ ግዕዝይና እንዳረኣኻ ተሸፋፊንካ ምኻድ ሃገርን ክልልናን ንሓደጋ ከም ዘቃልዕ ተረዲእኻ ተሓታትነት ክህሉ ግቡእ ስራሕ ምስራሕ።
8. ኣብ ክልልና ዘሎ ናይ ኢንቨስትመንት ክፍተት፣ ብፍላይ ድማ ንደቂ ዓዲ ዘተሓሳስብ ስለዝኾነ ክዕረ ምስራሕ።
9. መራኸቢ ሓፋሽ ንህዝቢ ውግንና ዘይምህላወን ከቢድ ጸገም ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ጉዳይ እዩ። ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ዘሎ ናይ ሙያ፣ ስርዓትን ነፃነትን ክፍተት ሰፊሕ ኮይኑ ናይ ህዝቢ ሽግርን ናይ መንግስቲ ኣሰራርሓ ድኽመት ኣብ ምቅላሕ ኣዚየን ድኹማት እየን። ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ ሚዲያታትና ንመንግስቲ ከሞግሳ፣ ደርፊ ከድርፋን ናይ ኣውሮፓ ኩዕሶ ከመሓላልፋን እየን ዝውዕላ። ህዝብና ካብ ክልል ኣምሓራ ዝተባረረሉ መዓልቲ'ኳስ ደርፊ ከድርፋ ምምሳየን ርኢና ጉሂና ኢና። መራኸቢ ሓፋሽ ናይ ህዝቢ እምበር ናይ መንግስቲ ዘይምዃነን ተረዲእኻ ተመረጽቲ ህዝቢ ኣብዚ መዳይ ሱር ነቀል ለውጢ ንኽመጽእ ጽዕረት ኽገብሩ ይግባእ።
10. ስርዓት ዴሞክራሲ ምጉልባት። ብርግጽ ንርእሱ ዴሞክራሲያዊ ኣመለኻኽታ ዘማዕበለ መሪሕነትን ወከልቲ ህዝቢን ኣብ ዘይለሉ ኩነታት እዙይ ከመይ ይከኣል ዝብል ምርምር ዘድሊዮ ሕቶ እዩ። ብዝኾነ ኣብ ኩሎም ተዋሳእቲ ፖለቲካን ብሓፈሽኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብና ዴሞክራሲያዊ ኣተሓሳስብ እስካብ ዝነግስ ፍሉይ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዘሎ መንግስቲን ናይ ህዝቢ ተመረፅቲን ልዕልና ሕጊ ንምርግጋፅ ሕገ መንግስታዊ ግዴታ ኣለዎም።
11. ምስ ክልል ኣምሓራ ዘሎ ናይ ዶባት ምስሕሓብ ፍትሓዊን ጥቕሚ ህዝቢ ኣሕሊፉ ብዘይህብ ኣገባብ ክፍታሕ ምስራሕ ጊዜ ዘይወሃቦ ጉዳይ እዩ።
12. ምትሕውዋስ ውድባዊን መንግስታዊን ኣሰራርሓን ከቢድ ሽግር ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ጉዳይ እዩ። እዚ ሕገ መንግስታዊ ጥሕሰት ካብ ምዃን ሓሊፉ ንግዕዝይና ገፊሕ ማዕፆ ዝኸፈተ እዩ። ተወከልቲ ህዝቢ ንዞም ክልተ ግና ድማ ሓደ ዝኾኑ ኣካላት ብኣሰራርሓ ክፈትሑዎም ይግባእ።

ዓስቢ መስዋእቲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሚኒስትርነት ሽመት ምርካብ ዘይኮነስ ካብ ድኽነትን ረዲኤት እኽሊን ልመናን ዘናግፍ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ጋህዲ ምግባር ጥራይ እዩ።